ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን

ኣብ **ኩሉ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን** ቤት ፅሕፈት Sheriff King County (King County Sheriff's Office, KCSO) ሓገዝ ቋንቋ ይርከብ፣ ገለ ካብኣም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- **ህፁፅ ረድኤትን ህዝባዊ ድሕንነትን፡-** መራኸቢታት 911፣ መርመራታት፣ ፀብፃብ ሓደጋታት፣ ብመርበብ ሓበሬታ ዝቐርብ ፀብፃብ
- **ፍቓድ ምሃብን መዛግብትን፡-** ፍቓድ ስዉር ሽጉጥ፣ ምስ ኣፅዋር እተተሓሓዘ ኣገልግሎታት፣ ሕቶታት መዛግብቲ፣ ናይ ምፅራይ ደብዳበታት
- **ናይ ሕጋውን ናይ ቤት ፍርድን ኣገልግሎታት፡-** ናይ ሓለዋ ትእዛዝ፣ ምብራራት፣ ትእዛዛት ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ፣ ሕጋዊ ሰነዳት ምግልጋል
- **ናይ ማሕበረሰብን ደገፍን ኣገልግሎታት፡-** ምዝገባን ኣለሻን ገበነኛ ጸታዊ መጥቃዕቲ፣ ኣሃዱ ምላሽ ፍወሳ፣ ምስክር ወረቐታት ቪዛ U & T

ቁፅሪ ተሌፎን ከከም ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎት ይፈላለ እዩ። መራኸቢ ሓበሬታ እቲ ክትረኽብዎ እትደልዩ ፕሮግራማት ንምርካብ ናብ መርበብ ሓበሬታና ክትውከሱ ንመክር።

ብዛዕባ ኩሎም መደባትን ኣገልግሎታትን KCSO ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ፍለጡ፡-
kingcounty.gov/services

ኣብ ማሕበረሰብኩም ዝርከብ ኣገልግሎት ፖሊስ KCSO!

Precinct 2
801 228th Ave SE, Suite 202
Sammamish, WA 98075
206-263-9133

Precinct 3
22300 SE 231st St.
Maple Valley, WA 98038
206-477-6446

Precinct 4
14905 6th Ave SW
Burien, WA 98166
206-477-2200

KCSO ኣብ Beaux Arts፣ Burien፣ Carnation፣ Covington፣ Kenmore፣ King County Int'l Airport፣ City of Maple Valley፣ Metro Transit፣ Muckleshoot፣ Newcastle፣ North Bend፣ Sammamish፣ SeaTac፣ Shoreline፣ Sound Transit፣ Skykomish፣ ከምኡ'ውን Woodinville ሓዊሱ **ኣብ ዘይተመዝገባ ከባቢታት King County**ን **ብዙሓት ኮንትራት ከተማታትን ትካላት**ን የገልግል እዩ።

ህፁፅ ግዜን ፀብፃብን

- **ንህፁፅ ኩነታት፡- ናብ 911 ደውሉ** ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ክፉት እዩ። ተርጓሚ ከም እትደልዩ ነቲ ዝሰድድ ንገርዎ።
- **ህፁፅ ንዘይኮኑ ኩነታት፡- 206-296-3311**
- **ብመርበብ ሓበሬታ ንምሕባር፡- kingcounty.gov/sheriff**

King County

SHERIFF
KING COUNTY

ተበፃሕነት ቋንቋ

ብዛዕባ ክትረኽብዎ እትኽእሉ ኣገልግሎት ቋንቋ ፍለጡ!

እዛ ብሮሹር እዚኣ ብብዙሕ ቋንቋታት ትርከብ እያ።

文A

ትርጉማት ንምርኣይ QR ኮድ ስካን ግበሩ።

KCSO E-187 (5/26) Tig

ቋንቋ ናይ ምርካብ መሰልኩም

King County Sheriff's Office (KCSO) ኣብ ማሕበረሰብና ዘሎ ዅሉ ሰብ ኣገልግሎትና ምእንቲ ክረክብ ሓገዝ ቋንቋ የቕርብ እዩ። እንግሊዝኛ ምዝራብ፣ ምንባብ፣ ምፅሓፍ ወይ ምርዳእ ዘፀግመልኩም እንድሕር ኰይኑ፣ **ሓገዝ ቋንቋ ብናፃ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም።**

ሓገዝ ቋንቋ **ዓንቀፅ VI ደንቢ ሲቪላዊ መሰላት 1964 (Title VI of the Civil Rights Act of 1964)** ብዘኽብር መልክዑ ዝቐርብ ኰይኑ፣ ኵሎም ኣባላት ማሕበረሰብና ምስ KCSO ብውፅኢታዊ መገዲ ክራኸቡ ይሕግዝ።

ተበፃሕነት ቋንቋ ኩሉ ሰብ ድሕንነት ንምሕላው ይሕግዝ። ድሕንነት ቀዳምነት እንህቦ ነገር እዩ።

ኩነታት ስደተኛነት ብዘየገድስ፣ ዝኾነ ሰብ ኣገልግሎት ክረክብ ይኽእል እዩ።

King County Sheriff's Office (KCSO) እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ቋንቋ ይግብ?

- **ናይ ፅሑፍ ትርጉማት**፦ ደብዳበታት፣ ምልክታታት፣ ቅጥዒታትን መምረሒታትን የጠቓልል

- **ናይ ዝርርብ ትርጉም ኣገልግሎታት**፦ ብቪድዮ፣ ብተሌፎን ወይ ብኣካል

- **ክልተ ቋንቋ ክዛረቡ ዝኽእሉ ምኽትላትን ሰራሕተኛታትን**፣ኣብ ዝተወሰኑ ቋንቋታት ክርከብ ይኽእል እዩ

ኣባላት KCSO ምሳኹም ክራኸቡ ከለዉ ሓገዝ ቋንቋ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ክሓትኹም እዮም፤ ባዕልኹም እውን ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ኣገልግሎታት ቋንቋ KCSO ሕቶታት እንድሕር ሃልዮምኹም፣ ብኽብረትኩም በዚ ዝስዕብ ርኸቡና፦
kcsolanguageaccess@kingcounty.gov

ብፍላይ ኣብ ከም'ዚ ዝስዕብ ኩነታት ምስ እትኾኑ፣ ሓገዝ ቋንቋ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፦

- ምስ ተወከልቲ/ሓለፍቲ ቃለ መሕትት
- መሰላትኩም ምንባብ
- ቅጥዒታት ንክትመልእዎም ምስ እትወሃቡ
- ብወግዒ ምስ እትሕተቱ

ሓገዝ ቋንቋ ብኸመይ ይሓትት?

ምስ KCSO ንምዝርራብ ሓገዝ ምስ ዘድልየኩም፣ ንምኽትል ወይ ዝኹነ ይኹን ኣባል KCSO ኣፍልጥዎ።

ዝተወሰነ እንግሊዝኛ ክትዛረቡ ትኽእሉ እንድሕር ኰይንኹም፦

- ከም'ዚ በሉ፦ "ተርጓሚ ይደሊ እየ። ዝዛረቦ ቋንቋ [ቋንቋኹም] እዩ።"

ኣባል KCSO ምስ ክኢላ ተርጓሚ ንምርኻብ Language Line ክጥቀም እዩ።

እንግሊዝኛ ብፍፁም ዘይትኽእሉ እንድሕር ኰይንኹም፦

- ኣባል KCSO ቋንቋኹም ንምልላይ "ናብ ቋንቋኻ ኣመልክት (Point to Your Language)" ዝብል ቡክለት ወይ መተግበሪ ሞባይል ክጥቀም እዩ።
- ኣባል KCSO ምስ ክኢላ ተርጓሚ ንምርኻብ Language Line ክጥቀም እዩ።

Language Line እንታይ እዩ?

Language Line ማለት ኣባላት KCSO፣ **ቋንቋ ምልክት ኣመሪካ (American Sign Language, ASL)** ሓዊሱ ምስ ልዕሊ **240 ቋንቋታት** ብቑዓት ተርጎምቲ **ብቐልጡፍ** ንከራኽብኹም ዝጥቀሙሉ ኣገልግሎት ተሌፎን ወይ ቪድዮ ኣገልግሎት እዩ። እዚ ኽኣ በቲ እትመርፅዎ ቋንቋ ምሳኹም ክንዘራረብ የኽእለና።

እንግሊዘኛ ዝተወሰነ ይፈልጥ እየ። ተርጓሚ ግድን የድልየኒ ድዩ?

እወ። ዋላ እውን ዝተወሰነ እንግሊዝኛ ትዛረቡ ወይ ትርደኡ እንተ ኾንኩም፣ ተርጓሚ በዚ ዝስዕብ ክሕግዘኩም እዩ፦

- ብጌጋ ምርዳእ ይከላኸል
- ቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ
- ሕጋዊ መሰላትኩም ምርዳእ
- ከም ኣገልግሎት ግዳይ ወይ ዝተተርጎመ ቅጥዕታት ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ምሕታት

ተርጓሚ ምሕታት ፀገም የብሉን?

እወ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ሓበሬታ ንክርድኦን በቲ ዝጥቀመሉ ቋንቋ ንክረዳዳእን መሰል ኣለዎ።

ውሉደይ ኣባል ስድራ ቤተይ ወይ ተዓዛቢ ክትርጉመለይ ይኽእል ድዩ?

ኣይኽእልን። ከም'ቲ ኣብ ፖሊሲ KCSO ዝተገልፀ፣ ኣብ ቅፅበታዊ ስክፍታታት ድሕነት ዘጠቓልል ህፁፅ ኩነታት እንተዘይኰይኑ፣ KCSO ኣባላት ስድራቤት ቈልዑ ወይ ተዓዘብቲ ከም ተርጐምቲ ኣይጥቀምን እዩ።

ተርጓሚ ንምጥቃም ዝሕግዝ ምኽሪ

ምስ ተርጓሚ ክትራኸቡ እንከለኹም

- ቀስ ኢልኩምን ብሓፀርቲ ምሉእ ሓሳባትን ተዛረቡ።
- እቲ ተርጓሚ ምእንቲ ክዛረብ መብዛሕቲኡ ግዜ ስቕ በሉ።
- በብተራ ተዛረቡ። ካልእ ሰብ እናተዛረበ ኣይትዛረቡ።
- ኣብ ዝኾነ ግዜ መብርሂ ሕተቱ።